# ብዋጋ ተሞክሮና ይፈታሕ ጉዳይና

ብበላይ መስፍን ጀርመን

ኣብዛ ንነብረላ ዓለም ብዙሓት ካብ መሪር ጉፅዞ ናይ ዘሕለፍዎ ሂወት ልቦናን ተሞክሮን የጥርዩ ኢዮም፡ ብኡ ድማ ብጌጋ ንዝገበርዎ ክእርሙን፡ ኣብ ዝቕጽል ጉፅዞ ሂወቶም ካልእ ጌጋ ንኸይ ደግሙ ጸፅሪ ብምክያድ፡ ካብ ውህሉል ተሞክሮኦም ብልቦና ዝልለዩን ንምኽሪ ዝድለዩን ዓበይቲ ሰባት ይኾኑ፡ በዚ እዚ ከምዚ ዝበለ ዓቢ ውጽኢት ናይ መሪር ተሞክሮ ዝኾነ ልቦናን ፅብየትን ንኤርትራውያን ዋጋ ተሞክሮና ኮይኑ፡ ነዚ ናይ ሎሚ ኩነታትና ክጸሉ ዝኽእልን ሚዛን ዘለዎን ውጽኢት ናይቲ መሪር ተሞክሮና ዝኾነ ልቦና፡ ኣባና ክርኤን ክህሉን ዝግብኦ እዩ ኔሩ፡ እንተኾነ
ንዝሓለፈ ኩነታትና ይኹን ንዘሎ ኩነታትና ብግቡእ ክንገዝኦ ከይክኣልና ጸኒሕናን ኣለናን።

ማለት ኤርትራውያን ዘየሕለፍዎ ሽግር ኣሎ ክብሃል ስለ ዘይክኣል፡ ካብ ተሞክሮ ልቦና ክጥረ ዝክኣል እንተዳኣ ኮይኑ፡ ሎሚ እቶም ብልቦና ዝልለዩን ካብ ሕሉፍ ጌጋታቶም ተማሂሮም ብልቦና ጉዳዮም ክፈትሑ ዝኽእሉን ወይ ዝግብኦምን፡ ኤርትራውያን ጥራይ ኢዮም፡ ክኾኑ ዝግብኦም።

ምኽንያቱ ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝተቓለሰን መሪር ኩነታት ዘሕለፈን የለን፡ ብኣንጻሩ ካኣ ክንዲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ተቓሊሱ ብዘምጽኦ ዓወትን፡ ብቓልሱ ኣብ ዘፅቀቦ ሃገራዊ ናጽነትን ዝብደል ዘሎ የለን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ከፊሉ ሃገር ኣብ ዝገበራ መሬቱን ዘይትኣደነ መስዋእቲ ዝኸፈለላ ናጽነቱን ደም ዝነብፅ ዘሎ ህዝቢ ኢዩ፡ እዚ ድማ ካብ ዘገርም ንላፅሊ ኢዩ።

እሞ ዝኸበርኩም ኤርትራውያን እንታይ ንግበር፡ ብዙሓት ከም ትዝክርዎ ዋፅላ ቤት ገርጊሽ ተጌሩ ይብሃል ኢዩ ፡ እቶም እቲ ዋፅላ እቲ ንጠቕምና ንኽይከውን ዝተቓለሱ ዘረግቲ ስለ እተዓወቱሉ ካብ ሽዑ ክሳፅ ሎሚ ኣብ ሸንኮለል ክንነብር ጸኒሕናን ኣለናን፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ንዝተኻየደ ሃገራዊ ዋፅላ ብቐጻልነት ህዝቢ ኤርትራ ተዋሃሂዱ ሓድነቱ ከደልድል ክኢሉ ጥዑይ መንግስቲ ኣብ ምትካል ክሳፅ ዝበቅፅ ተሰሪሑሉ፡ መቐይሮ ናይቲ ፋሕፋሕ ኢሉ ዘሎ ፖለቲካዊ መስመር ናይ ኤርትራውያን ክንገብሮ እንተዘይበቒፅና ሸንኮለልና መወዳእታ ክርከቦ ወይ ቃልስና ክሓጽር ኣይኽእልን ኢዩ።

ብሽምዝን ክንድዝን ስኣን ምስትውዓልን እቲ ዝጠቅም ኣገባብ ቃልሲ ምሓዝን፡ እቲ ኩሉ ክቡር ዋጋ ዝኸፈልናሉ ቃልሲ፡ ከም ሓደ ጽሩይ ማይ ናብ ሑጻ ዝፈሰሰ ኣሰር ዘይርከቦ፡ ኩሉ መስዋእትና ሽታ ኣልቦ ኮይኑ፡ ካብኡ ጭናው ኣይረኸብናን ዝያዳ እኺ ዳኣ ተጎዲእና።

ሕጂ ካኣ ሃገራዊ ዋፅላ ብዓወት ወጺኡ፡ ኣብ ጎድኑ ድማ ተጻብኦ ኣሎ፡ እሞ ሕጂኸ ክምቲ ድሕሪ ዋፅላ ቤት ገርጊሽ ምስተዘርገ ኣብ ሸንኮለል ክንነብር ጸኒሕናን ዘለናን ኣብ ሸንኮለል ዲዮም ካኣ ከእትውና፡ ወይስ ካብ ተሞክሮና ልቦና ኣጥሪና ኣለና እሞ፡ ሎምስ ኣይፋልኩም ኢልና ክንስፅሮም ዘኽእል ልቦና ኣጥሪና ኣለና።

ሎሚ ናይ ሃገራዊ ዋፅላ እቲ ዘሐጉስ መዳዩ ብርእሰ ትኣማንነት ዝልለዩን ተባዓትን ፈላጣትን ነቲ ጉዳይ ሒዞምዎ ስለ ዘለው ተስፋ ኣለዎ፡ እምበር ኣብ አርትራውያን እቲ ናይ ምትፅንቓፍ ባህርስ ኣብ ቦትኡ ኣሎ ኣይጠፍአን፡ከምቲ ቀደም ዘበን ውቤ ዝጸመመስ ዝባን ውቤ ክብል ነበረ ዝብልዎ ምስላ ኣቦታት ኢዩ ኮይኑ ዘሎ እቲ ነገር።

ስለ'ዚ ኣብዚኣ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊትና ኢና ኢሉ ክዛነ የብሉን፡ ንዝኾነ ይኹን ዘዐወትካዮ ሓለዋ የድልዮ ኢዩ፡ እቲ ብመገዲ ሃገራዊ ዋፅላ ዝመጽእ ድሕነት ንኹሉ ኤርትራዊ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ንጠቕሚ መላእ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ንኸይፈሽል ውይ ንድሓር ከይምለስ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ንቕሓትን ምሉእ ተሳትፎን ሎሚ ኣብዛ ምድረኽ እዚኣ ካብ ኩሉ ጊዜ ንላፅሊ ተሓታቲ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ እንተልዩ፡ ኣብዛ እዋን እዚኣ ዘሎ ጸበባ ህዝብን፡ ጥፍኣት መንእ ሰያትን ካብ ናይ ዝኾነ ጊዜ ንላፅሊ ኢዩ እሞ፡ ንጉዳይ ሃገርና ኣብ መወዳእታ ንምብጻሕን ንዘሎ ናይ ህዝብና ሽግር ቅልጡፍ ፍታሕ ንምምጻእን ኩልና ከም ህዝቢ ብወሳንነት ክንቃለስ ይግባእ።

ክቡራት ኤርትራውያን ብግቡእ ዘይተኻናኸንካዮ ተኽሊ ብጽቡቕ ዓንቢቡ ብጽቡቕ ኣይፈርን ኢዩ እሞ

ምእንቲ ድሕነትን ክብረትን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ድሕነት ሃገርናን ሃገራዊ ዋፅላ ኣስሚርና ኩልና ንዑ ኣብታ እንፈትዋ ሃገርናን ምስቲ እነፍቅሮ ህዝብናን ንቐሰን።

ድሕሪ ሃገራዊ ዋፅላ ዝግበር ብዙሕ ዝተረፈ ስርሓት ኣሎ፡ ኢ.ደይ ኢ.ድካ እንተልናሉ ቀሊል ኢዩ
ኣብ ኢ.ድ ውሑዳት እንተ ገዲፍናዮ ግን ምትግባሩ ይብርትፅን ጉፅዞኡ ይድንጉን፡ ውጽኢ.ቱ እውን ከምቲ ኩልና እንደልዮ ዘይክኸውን ይኽእል፡ ምኽንያቱ ውጽኢ.ት ወይ ፍረ ቃልሲ ብተሳትፎ ናይ ኩልኻ ኢዩ ናይ ኩልኻ ዝኸውን፡ እንተዳኣ ዘይሰሪሕካ ዝሃቡኻ ኢ.ኻ ትቕበል።

ስለ'ዚ ብመገዲ መሰልን ግቡእን ዝውስን ሕጊ፡ መሰልካ ክትረክብ ግቡእካ ክትፍጽም እውን ይግባእ እዩ፡ ዲሞክራሲ እውን ብሕጊ ይፋረድ ኢ.ዩ፡ ሃገርካ ሰብ ዝነብራ ሃገር ምስ ኮነት፡ ደጋፊ ናይ እቲ ሰብ ዘይገሮ ዝገብር ዘሎ ገፋፅ ህዝብኻ ኮንካ ብምጽናሕካ ክትሓፍር እውን ጸሊም ታርኽ እዩ፡ሎሚ ዝሓይሽ ሓሲብና ኣብ ጎድኒ ህዝብና ምዃን ዘኹርፅን ምስ ህዝብኻ ዝጽንብርን ተግባር ኢ.ዩ፡ ስለ እዚ ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን፡ ከም ሰብ ካኣ ምእንቲ ታሪኽናን ኣብ ጎድኒ እቲ መሪር ሽግር ዘሕልፍ ዘሎ ህዝብና ኮንና ሃገርና ካብ ጥፍኣት ንህዝብና ካኣ ካብ ምብትታን ነድሕን።

ሰናይ ቅነ

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብፅ ዘሎ ህዝብና